## ውላድ'ዛ ለዋህ መሬት።

ነዊሕ መሓውሩ ከም ሰጋር በቕሊ፡
ውላድ እዛ ሃገር ውላድ ናይ ትማሊ፡
ዘይርበጽ ህዱእ በዓል ሙሉእ ዓቕሊ።

ዝናኑ ህዝቡ ዕጥቁ ጀጋኑ ብጾቱ፡
ንርእሰይ ይጥዓመኒ ዘይብል መትከላዊ እምነቱ፡
ሕልፎም ዘይውንን እንትሮፎ ሂወቱ።

ጌና ከሎ ዓሰርተ ሹዱሽተ ዓመቱ፡
ፍቕሪ ሃገር ኣትዩ ኣብ ጅማተውቱ፡
ኤርትራ እንታዩ ሽግራ ክብል'ዩ ሓቲቱ።

ቁልዕነት ብኣግኡ ዘወገደ፡
ሰብ ከይፈለጦ ብፍቕሪ ሃገር ዝነደደ፡
ስሚዒቱ ብናህሪ ከደ እናሰወደ።

ሕቶ ኣየቋረጸን ጌና ከሎ ብዕሽሉ፡
ኡሙሩኡ ሰፍሒ ሓሳቡ በሲሉ፡
ኣይረኸበን ሽዑ ሕቱኡ ዝምልሰሉ።

ግዜ እናከደ ዓመታት ምስ ኣቑጸረ፡
እኪይ ተግባር ጸላኢ ምስ መረረ፡
ካብ ምስትውዓል ኣይተቐጠበን ኣዝዩ ተኮረ።

ስእነት ዘይነበሮም ቤተሰቡ፡
ስለምንታይ'ዩ ፍቕሪ ሃገር ኣብ ልቡ ዓንቢቡ፡
ሽዑ ኣይነበሩን ብዛዕቡኡ ዝዛረቡ።

ንሱ ግን ብኹሉ ከይተዓግተ፡
ቆላሕትኡ ገበረ ንነዊሕ ጠመተ፡
ዓመታት ከም ዘወስድ ሹዑ'ዩ ዝገመተ።
ርግኣት ሕላገቱ ሩጡብ ቃላቱ፡
ቕቡእ ልሳን ዘይደሊ ዘይናቱ፡
ባህርያዊ'ዩ ስሱዓት ኣንጻሩ ከምከቱ።
ከንዲ ዝኾነ ጽቡቕ ኣብነት፡
ሱራ ከደልድል ዘንጊ ሓቅነት፡
ግብሩ ይምስክር ጸረ ተምበርካኽነት።
መትከሉ ጽኑዕ ኣብ ሓቂ ዝተተኸለ፡
ሃሊሉ ዝመጸ ኩሉ ዘፍሸለ፡
ተንኮል ዓመጽቲ ሕብሩ ዝበለለ።
ኩሉ ብጸዩ ህጻን ይኹን ሽማግለ፡
ነጻ ካብ ኩሉ ድሑር ዝምባለ፡
ካብ ብግሓቱ ንጥቕሚ ሓፋሽ ተጋደለ።
እተን ከሰስቱ እከይ ዝሰርሓ እናደጋገማ፡
ሓሶት ተዓጢቐን ስሙ ከጸልማ፡
ኣማስያኡስ ብጽንዓቱ እየን ክርዕማ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።